

# ናብራ ኣብ ኣልባው

ብሓባር ኣብ ጽቡቐ ከባቢ። ናብ‘ቲ ሓዲሽ መንበሪኹም ኣብ ኤሰን እንኳዕ ብደሓን መጸእኩም።

Allbau
Mein Zuhause in Essen




# ናብራ ኣብ ኣልባው

## እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ሓድሽ ገዛኹም !

ምሳና ብምቕማጥኩም ሕጉሳት ኢና። ንስኹምን ኣባላት ስድራ ቤትኩምን ኣብ'ዚ ሓድሽ ከባቢ ቀልጢፍኩም ክትለማመዱ ተስፋ ንገብር። ኣብ ሓድሽ ገዛኹም ጽቡቕ ግዜ ከተሕልፉን ምስ ጎረባብትኹም ትገብርዎ ርክባት ድማ ኣኽብሮታውን ሕጉስን ክኸውን ትምኒትና እዩ። ኣብ'ዛ ንእሽቶይ ብሮሹር ምስ ጎረባብትኹም ብሓባር ንምንባር ብተወሳኺ ዝሕግዝ ሓበሬታታት ኣስፊርና ኣሎና።

## ሓፈሻዊ





### ኮንትራት ገዛ

ኮንትራት ኩሉ ኣብ መንጎናን መጎኹምን ዘሎ ይሰርዕ። ንኣብነት መጠን ገዛ ኽራይን (ብዘይ መውዓዪ) ዕማማዊ ወጻኢታትን (ንኣብነት መውዓዪ፣ማይ)። ብግቡእ ከተሕዝዎ ኣለኩም! ግቡእ ናይ ተኻራዪ እዩ ! ነዚ ብዝምልከት ንኣማሓዳሪ ገዛ ሕተትዎ።

### ናይ ገዛ መምርሒታት


ኣብ ናይ ገዛ መምርሒ ንናይ ጽቡቕ ብሓብር ምንባር ምስ ጎረባብትኹም ዝምልከት መምርሒታት ይርከቡ። ንኣብነት ኣብ ናይ ጸጥታ ሰዓታትን ናይ ጽቡቕ ብሓባር ምንባር ከሕለዉ ዘለዎም ነገራት።

## ኣብ ገዛ እንንገብሮም ነገራት




### ገዛ ምውዓይ

ቁሪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን መውዓዪ ብምጥቃም ገዛኹም ከተማሙቑ ትኽእሉ ኢኺም። መጠን መውዓዪ በቲ መስተኻኸሊ ክትምጥንዎ ትኽእሉ። እቲ ትጥቀሙሉ ጽዓት (ዕማማዊ ወጻኢታት) ኣብ ልዕሊ ገዛ ኽራይ ክትከፍልዎ ምኗንኩም ኣይትዘንግዑ። ናይ ለይቲ ዓቐሪ መውዓዪ እንተደኣ ሃልዩኩም ነቲ ምስኡ ተተሓሒዙ ዘሎ ፍሉይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተወከሱ።




### ንፉስ ምእታው

ምግቢ ምስራሕ፣ ክዳውንቲ ምሕጻብ፣ ኣካላት ምሕጻብ ኣብ ክፍሊ ርጥበት ይፈጥር እዩ። መታን ኣሞዲታ ከየስዕብ በብእዋኑ ንፉስ ምእታው የድሊ። ኣብ መዓልቲ ኣርባዕተ ወይ ሓምሽተ ግዜ ንሓሙሽተ ክሳብ ዓስርተ ደቒቕ ዝኸውን መሳኹቲ ጋህ ኣቢልኩም ብምኽፋት ንፉስ ከተእትዉ ንመሓጸነኩም።


### ከዳውንቲ ምሕጻብን ምንቃጽን

ብኽብረትኩም ከዳውንቲ ከትሓጽቡ ከለኹም ይኹን ከተንቅጹ ኣብ ገዛኹም ዝኾነ ዓይነት ጉዳኣት ከም ኦሞዲታ ወይ ማይ ኣብ መሬትን መደቐን ከይኣቱ ተጠንቀቑ። ኣብ ናይ ገዛ ኮንትራት ወይ ምምርሒ ከዳውንትኹም ኣበይ ከተንቅጹ ከም እትኽእሉ ሓበሬታታት ኣለው።



### ባኞ

ኣካልትኩም ኣብ ባኞ ጥራይ ተሓጸቡ። ኣብ ናይ ሽቓቅ ባዞ ብዘይካ ናይ ሽቓቕ ወረቐት ኣይትደርብዩ። ዝኾነ ይኹን ነገራት ኣብኡ ኣይትደርብዩን ኣብ ልዕሊኡ ኣይትደይቡን።




### ማይ ቱቦ

ኣብ ጀርመን ማይ ናይ ቱቦ ናይ ዝስተ ማይ ጽፈት ሰለ ዘለዎ ብዘይ ስክፍታ ክሰተ ይኹን ኣብ ክሽነ ምጥቃሙ ይከኣል እዩ።




### ማይ

ብኽብረትኩም ማይ ኣብ ባኞ ይኹን ኣብ ካልእ ክፍልታት ብብዝሒ ኣብ መሬት ከይፈስስ ተጠንቀቑ። ብናቱ ሳዕቢ ከበድቲ ጉዳኣታት ኣብ ህንጻ ክወርዱ ይኽእሉ እዮም። ዝተጠቐምኩሉ ማይ ኣብ ልዕሊ ገዛ ኽርያ ክትከፍልዎ ምኳንኩም ኣይትዘንግዑ።




### ምግቢ ምስራሕ

ምግቢ ንምስራሕ ኣብ ክሽነ ንዘሎ ምድጃን መሽሽንን ተጠቐሙ። ናይ መግቢ ዓይነታት ብቐጥታ ኣብ ምድጃ ወይ ኣብ ልዕሊመሽሽኒ ዘይኮነ ኣብ ንዕኡ ኢሉ ዝተቐረበ ቦት ኣቐምጡ። ቡታ ጋዝ ምጥቃም ፈጺሙ ክልኩል እዩ።



### ኣጠቓቕማ ገዛ

ብኢደ ወነንኩም ዝኾነ ይኹን ምቅይያራት ኣብ ገዛ ኣይትግበሩ። ብሕሊፊ እኳ ኣብ ናይ ኤሌክትሪክን ማይን መስመራት። ክቐየር ዘለዎ ነገራት እንተደኣ ሃልዩ፣ ብቐጥታ ንኣማሓዳሪ ገዛ ተወኪስኩም ፍቓድ ብጽሑፍ ተረከቡ። ኣስማት ኣብ ማዕጾ ይኹን ኣብ ናይ ጾስታ ሳጹን ምስፋር ብኣመሓዳሪ ገዛ ይትግበር ወይ ይቐየር።




### ድሕነት

ሓዊ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ባልኮን፣ ኣብ ህንጻ ወይ ከምኡ እውን ኣብ ጎልጎል ኩልኩል እዩ።




### ድሕነት ኣብ ገዛ

መዓጹ ናይ ህንጻን ናይ ምድሪ-ቤትን፣ ዘይግቦኦም ሰባት መታን ከይኣትዉ፣ ወርትግ ዕጹው ክኸውን ኣለዎ። ናይ ህንጻ ምዕጾ ግን ብመፍትሕ ዘይምቑላፍ፣ ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ባርዕ ከም መህደሚ ስለ ዘገልግል።




### ጉድኣት ኣብ ህንጻ ወይ ኣብ መንበሪ ገዛ


ኣብ እዋን ከቢድ ጉድኣት ( ንኣብነት ናይ ማይ ቡምባ ኣብ ዝስበረሉ ግዜ) መታን ከነዐርዮ ቀልጢፍኩም ሓብሩና። ነዚ ብዝምልከት ኣምሓዳር ገዛ ብስልኪ ቁጽሪ - 0201-2207 1234 - ደዊልኩም ትሕብርዎ። ምሸት ወይ ቀዳመ-ሰንበት እንተድኣ ኮይኑ ናይ ሓደጋ ስልኪ ቁጽሪ ተጠቐሙ። እታ ቁጽሪ ኣብ ናይ መስትያት ሳንዱቕ ኣብ መእተዊ ህንጻ ጥቓ ማዕጾ ትረኽቡዋ።



ስርዓት
ብኽብረትኩም ብሓፈሻኡ ጽሬት ሓሉዉ። ኣስካላ ምስ መንበሪ ገዛኹም ስለ ዘይጽብጸብ ከም መቐመጢ ኣኽሑት ኣይትጠቀሙሉ። ከም መህደሚ ስለ ዘገልግል ናጻ ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ በጃኻትኩም ከም ኣቑሑ ገዛ፣ ሳእኒ፣ ብሽክለታታት ይኹን ናይ ጓሓፍ ፕላስቲክ ኣብኡ ኣይተንብሩሉ።



ጓሓፍ ናበይ?
ካብ መንበሪ ገዛኹም ወጻኢ ይኹን፣ ኣብ ባልኮን፣ ኣብ ሽቓቕ፣ ኣብ መሕጸብ ገጽ፣ ኣብ መሕጸብ ኣቑሑ ክድፋእ የብሉን። ኣብ ኣስካላ እውን ጓሓፍ ክድርበ የብሉን። ኣብ ጀርመን ጓሓፍ ተፈላልዩ ስለ ዝውገን፣ ኣብ መንበሪኹም ቦታ ዝርከብ ኣብ'ቲ ዘዝምልከቶ መጉሓፊ እንዳጓሓፍካት ክትድርብይዎ ኣለኩም። እተደኣ ናይ ጥርሙዝ ናይ ወረቐት ወይ ካርቶን መጉሓፊ ዘየሎ ኮይኑ፣ ጠራሙዝ ካብ ከባቢኹም ወጻኢ ኣብ ንዑኡ ኢሉ ዝተመደበ ኮይንተይነር ምድርባይ ይከኣል እዩ። እንተደኣ ንእብነት ኣኽሑት ገዛ ወይ ገዘፍቲ ነገራት ክትድርብዩ ደሊኹም ፍሉይ ናይ ኣጸጋሚ ጉሓፋት ቆጸራ ይጥለብ። ኣብ ዓመት ሓንሳብ ከም'ዚ ዓይነት ጉሓፍ ብናጻ እዩ። ስልኪ ቑጽሪ ናይ'ዚ ኣጸጋሚ ጓሓፍ መጥለቢ እዚ እዩ - 0201-854 1111.
ብኽብረትኩም እዚ ምስ'ዚ ጽሑፍ ተተሓሒዙ ዘሎ ንጓሓፍ ምፍላይ ዝምልከት ሓበሬታ ኣንብቡ።




## ሓባራዊ ምውሳእ

ምስ ጎረባብቲ ምውሳእ
ሓደ ነገር እንተድኣ ፈልጥካዮ ቀሊሊ እዩ። ስለ'ዚ ንሕና ከም ኣካረይቲ ምስ ሓደስቲ ጎረባብትኹም እንተተፋሊጥኩም ኣዚና ሕጉሳት ኢና። ብመሰረቱ ጎረባብቲ ነንሕድሕዶም ክተሓላለዉ ኣለዎም። ጸገማት ምስ ዘጋጥም ፈለማ ምዝርራብ የድሊ። እቲ ሽግር ክፍታሕ እንተደኣ ዘይተኻኢሉ ንኣመሓዳሪ ገዛ ምውካስ። ኩሉ ወገን ዝዓግበሉ መፍትሒ ንምርካብ ክንጽዕር ኢና።





በጻሕቲ
ከም እተበረሃብኩም ኣብ ገዛኹም በጻሕቲ ክመጽኹም ይኽእሉ እዮም። ኮይኑ ግን ኩሉ ግዜ ጎረቤትኩም ምሕላው ኣድላዪ እዩ። ዓው ዝበለ ውራያት ኣብ ዝኾነ ግዜ ግቡእ ኣይኮነን። ኣቐዲምኩም ንጎረበትኩም ሓበሬታ ምሃብ ምስጉን እዩ። ሰብ ምሳኹም ንነዊሕ ግዜ እንተደኣ ከተጽንሑ ደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ፍቓድ ንምውሳድ ኣቐዲምኩም ንዓና ሓብሩና።



ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት
በጃኻትኩም ኣብ መንበሪ ገዛኹም ዋዕዋዕታ ኣይተብዝሑ። ናይ ሙዚቃ ኣኽሑት፣ ሬድዮ ይኹን ቴሌቭዥን ኣዝዩ ዓው ክብል የብሉን። ብሕልፊ ቀትሪ (ካብ ሰዓት 13:30 ክሳብ 15:00 ) ለይቲ (22:00 ክሳብ 6:00) ከምኡ እውን ቀዳመ-ሰንበት ምሉእ መዓልቲ። ዓው ኢልካ ምዕላልን ቴሌፎን ምዝራብ እውን ጎረባብቲ ከም ዝህውኽ ኣይትረስዑ።




እንስሳ ምሓዝ
እንስሳ ክትሕዙ እንተደኣ ደሊኹም ኣቐዲምኩም ንዓና ሕተቱና። ጎረባብቲ ዝነብሕ ከልቢ ይኹን ቀልቀሉ ክርብሾም ከም ዝኽእል ኣስተዕሉ።



ምስላው
ስጋ ምስላው ወይ ምጥብስ ጎረባብቲ ይርብሽ እዩ። ኩሉ ግዜ ንስልዋ ስጋ ብዝምልከት ንኣመሓዳሪ ገዛ ተወከሱ።




ምጽራይ ኣስካላ
ትኻራዩ ኣስካላ፣ ዋልድቢትን ምድረ-ቤትን ፣ በብእዋን ናይ ምጽራግ ሓልፍነት ኣለዎ። መዓስን ነየናይን ሸነኽ ከትጸርጉ ከም ዘለኩም ኣመሓዳሪ ገዛ ክሕብረኩም እዩ።




## ኢንተርነት፣ ቴሌፎንን ራድዮን

ኢንተርነት፣ ቴሌፎንን ጽዓትን
ኢንተርነት፣ ቴልፎንን ጽዓትን (ኤሌትሪክ ወይ ጋዝ ወይ ክልቲኡ) ንዝምልከት ባዕልኹም ክትምዝገቡ ኣለኩም። ኣብ ጀርመን እዚ ኣገልግሎታት ዝህቡ ሓይሎ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣለዉ። እዚ ኣብ ኢንተርነት ክትፋትሸዎ ትኽእሉ ኢኹም። ከም'ቲ ግቡኡ፣ ህንጻኹም ናይ ካቨ መስመር ኣለዎ። ናይ'ዚ ዋጋታት ኣብቶም ተወሳኺ ወጻኢታት እቱው እዩ።




ቴሌቭዥንን ራድዮን
ሸሓኒ ሳተሊት ምስቃል ኣይፍቀድን እዩ። ዓለምለኻዊ ፕሮግራማት ክጥለቡ ይኽእሉ እዮም (ገጽ 9 ተመልከት)። ኣብ ጀርመን ቴሌቭዥንን ራድዮን ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ARD, ZDF ከምኡውን Deutschlandradio ተመዝጊብኩም ንበይኑ ክትከፍልዎ ከም ዘለኩም ኣይትዘንግዑ(www.rundfunkbeitrag.de) ። ኣብ ፍሉይ ኩነታት እውን ካብ ምኽፋል ናጻ ምውጻእ ይከኣል እዩ፣ ነዚ ብዝምልከት ሓበሬታ ተወከሱ።




## ኣብ እዋን ሓደጋ

ኣብ እዋን ሓደጋ ዝግበር
ኣብ እዋን ሓደጋ ይኹን ኣብ ባርዕ ስልኪ ቑጽር 112 ብምድዋል ህጹጽ ሓገዝ ክትጽውዑ ትኽእሉ። ብኽብረትኩም እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ሃቡ፣

- ደዋላይ መንዩ?
- እንታይ እዩ ኣጋጢሙ?
- ክንደይ ሰባት እዮም ተሃስዮም?
- ኣበይ እዩ ኣጋጢሙ?
- ሕቶታት ክይህሉዉ ተጸበዩ።




በጃኻትኩም ኣብ እዋን ባርዕ ነብስኹምን ቤተሰብኩምን ኣድሕኑ። ኣብ እዋን ባርዕ ሊፍት ምጥቃም ኣይፍቀድን እዩ። ፖሊስን መድሓንቲ ሰብን ንዝህብኹም ምምርሒ ሰዓቡ።

ሓገዝ ትደልዩ?
በዚ ትረኽቡና

ምቕባል ጽገና ኣልባው
ቴሌ/ 0201 2207-123

ኣልባው ኣመሓዳሪ ገዛ
ስም ኣብ ድሕሪ እዚ ጽሑፍ ይርከብ።





# ብሓባር ኣብ ክረምቲ

## ብቐጻሊ ምውዓይን ንፋስ ምእታውን

ምውዓይን ንፋስ ምእታውን
ኣብ እዋናት ዝናብን ቁርን እዚ ዝስዕብ ጸገም ብብዝሒ የጋጥም፣ ኦሞዲታ ኣብ መደቕን ርጡብ ናሕስን። ብሕልፊ እኳ ኣብ ክሽነ፣ ሽቓቕን መደቀስን። ኣብ እዋን ምግቢ ምስራሕን ኣካላት ምሕጻብን ማይ ሃፊፉ ምስ ንፋስ ይጽንበር። ኣብ እዋን ድቃስ ከይተረፈ ወዲ ሰብ ከሳብ ሓደ ሊትሮ ማይ ብምፍስትፋስን ብቕርበቱን የውጽእ።

ኣሞዲታን ርጥበትን ኣብ ውጋድ ሓገዝኩም የድልየና።

ልዑል ኦሞዲታ
ንፋስ ማይ ዝመጽየሉ ዓቕን ምስ‘ቲ ዘሎ ደርጃ ዋዒ ዝተተሓሓዘ እዩ። ውዑይ ንፋስ ብዝሒ ማይ ይመጺ። ንፋስ ኣብ ዝዝሕለሉ እዋን እቲ ተመጽዩ ዝነበረ ርጥበት ይትፋእ። ርጥበት ኣብ ማይ ተቐይሩ ኣብ ዝሑል ጽፍሒ፣ ከም ናሕሲ፣ መንደቕን መሳኹትን ይዓልብ።

ሳዕቤኑ፣ ኣሞዲታ
ርጡብ ንፋስ ክፍሊ ኦሞዲታ የስዕብ። ንፋስ ክፍልኹም መታን ክትከታተሉ፣ መዐቅኒ ርጥበት ንፋስ (Thermo-Hygrometer) ክህልወኩም ንመሓጸን። በዚ መዐቀኒ ጌርኩም ናትኩም ናይ ክፍሊ ንፋስ ኣብ ልዕሊ ምሕላው፣ እናተኸታተልኩም ክትቀያይርዎ ትኽእሉ።

መፍትሒ፣ ብቐጻሊ ምውዓይን ንፋስ ምእታውን
ኣብ ክረምቲ ብቐጻልን ብሓደ ዓቐን ምውዓይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኩሉ ክፍልታት ሙቐት ቀትርን ለይትን ኣብ መንጎ 18°C ን 20°C ከም ዝኸውን ምግባር። ኣብ ዝሑላት ክፍልታት፣ ንኣብንተ ከም ምደቀሲ ሓደ ዓይነት ሙቐት ክህልዎ ኣለዎ፣ ማለት ከባቢ 18° C። ዝሑላት ዘይትጥቀሙሎም ክፍልታት ዕጸዉዎም።

**ሙቐት ክፍሊ**
18 °C – 20 °C

**ርጥበት**
50 % – 55 %

**ንፋስ ምእታው**
ብዝሕ ግዜ ኣብ መዓልቲ ን 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ





# መምርሒ ንናይ ኤሌትሪክ ዓቃቢ መውዓዪ

## (ELEKTRO-SPEICHERHEIZUNG)

ዘተኣማምን መውዓዪ ብምቹእ መንገዲ፣ ብቐሊሉ ብኤሌትሪክ ናይ ኤሌትሪክ ዓቃቢ መውዓዪ ነቲ ጠቓሚ ምስ ምቹእ ዝሓቁፍ እዩ። ምኽንያቱ ምቹእ እጠቓቕማን ዘተኣማምን ክንክንን ምስ ጽቡቐ ሙቐትን ዝህብ እዩ። ንዓቃብ መውዓዪ ፍሉይ ዝገብሮ፣ እቲ ዝጥቀመሉ ኤሌትሪክ ዳርጋ ብሙሉኡ ናብ ውዑይ ጸዓት ይቕይሮ። ኤሌትሪክ ኣብ ዝሓስረሉ ግዜ፣ ማለት ኣብ እዋን ለይቲ፣ብቐጥታ ሙቐት ይዕቅብ። ብኡ መሰረት ድማ ቀትሪ መንበሪ ገዛኹም ብምቹእ መንገዲ ከተውዕዩ ትኽእሉ። በዚ መምርሒ እዚ፣ ከከም መሳርሒኹምን ኣሰራርሑን፣ ብልጸታት ናይ ኤሌትሪክ ዓቃቢ መውዓዪ ብኸመይ ክጥቀሙሉ ከም ትኽእሉ ነርእየኩም።



**ቀትሪ**
18 – 20 ዲግሪ



**ቀትሪ ኣብ ዘይለኹምሉ ግዜ**
16 ዲግሪ – እዚ እቲ ክፍሊ
ኣዝዩ ከይዝሕል ይከላኸል



**ኣብ ገዛ ንኣስ ከተእትዉ ከለኹም**
0 ዲግሪ – ብኸም'ዚ መንገዲ
በቲ ጸፍሒ ናይ'ቲ ኣቕሓ
ጥራይ ሙቐት ይወጽእ

### ምቾት፣ ኣዕጋቢ ምውዓይ


ዳርጋ ኩሉ ዓቃቢ መውዓዪ ዓይነታት ብለይቲ ዝተኣከበ ዋዒ ንጽባሒቱ፣ ብሓገዝ ንዕኡ ኢሉ ዝተሰርሐ ንኣስ መውጽኢ ዋዒ ይህብ። ኣብ ክፍሊ ከምይ ውዑይ ክኸውን ከምዘለዎ። ብኣብ ውሽጡ ዝርከብ ናይ ዋዒ መዐቀኒ ወይ ድማ ብቴርሞስታት ይተዓራረ። እዚ ነቲ ንኣስ መውጽኢ ይውልዖ ወይ ይጥፍኦ። በጃኻትኩም መውዓዪ ኣብ ኣብ ትጥቀሙሉ እዋን እቲ ንኣስ መውጽኢ ፈጺምኩም ኣይተጥፍእዎ። እቲ ዋዒ ብግቡእ ክወጽእ ስለ ዘይክእል ከበድቲ ወጸኢታት የስዕበልኩም።

### ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነተ-ኣየር ጽቡቕ ምድላው

ኣየናይ ዓይነት ኣካቢ መውዓዪ ከም ዘለኩም እንተደእ ዘይትፈልጡ ክይንኩም ንኣማሓዳሪ ገዛ ሕተቱ። ደስ እናበሎ ክሕግዘኩም እዩ!

### ኣውቶማቲክ መምልኢ ዘይብሉ ኣቕሓ


ኣውቶማቲክ ምምልኢ ዘይብሉ ዓቃቢ መውዓዪ ባዕልኹም በቲ ናይቲ ኣቕሓ መምልኢ መቆጻጸሪ ጌርኩም ዓቐን ኣብ ለይቲ ክጠራቐም ዘለዎ ሙቐት ተመዓራርይዎ። እዚ ብወገኑ ምስቲ ናይ ደገ ሙቐትን ዘሎ ህሉዊ ኩነተ-ኣየርን ናትኩም ናይ ፍጥረትኩም ዋዒ ድልየትን ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብ ሓጋይ መቆጻጸሪ ኣብ 0 ክትገብሩዎ ትኽእሉ ኢኹም (መምልኢ ኣጥፊእኩም)። ኣብ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ግዜ ካልኣይ ደረጃ እኹል ኮይኑ እቲ ቴርሞስታት ኣብ 16 °C ምግባር መታን እቲ መንበሪ ገዛ ኣዝዩ ከይዝሕል ምጡን ዋዒ ንኽህልዎን።




ናይ መምምልኢ መቐቀኒ ብዘይ መምልኢ ኣውቶማቲክ


### ኣውቶማቲክ ምምልኢ ዘለዎ

ኣውቶማቲክ ዓቃቢ መውዓዪ ኣብ ደገ ንዘሎ ኩነተ-ኣየር ብቐጥታ ብምዕቃን ክንደይ ዋዒ ኣብ ሓደ ለይቲ ክዕቀብ ከም ዘለዎ ይፈልጦ። እቲ ኣብ መሳርሒ ክህሉ ንዝኽእል ተረፍ ዋዒ ኣብ ግምት ይኣቱ። እቲ ኣብ'ቲ መሳርሒ ዝርከብ ናይ መምልኢ መዐቀኒ ከሳብ መወዳእታ ክጥወ ኣለዎ። እንተደኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ዝርከብ ዋዒ ፣ ንኣብነት ኣብ መደቀሲ ክትቅንሱ እንተደኣ ደሊኹም፣ ብቐጥታ ኣብ'ቲ መምልኢ መዐቀኒ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ከተስተኻኽልዎ ትኽእሉ ኢኹም።



ናይ መምምልኢ መቐቀኒ ምስ መምልኢ ኣውቶማቲክ

ናይ መንበሪ ገዛ ነቔጣ ዘለዎ ኣኸሑት
ብዙሓት ስድራቤታት ዝነብሩሉ ህንጻ ማእከላዊ መምልኢ ኣውቶማቲክ ንመላእ ህንጻ ኣለዎ። ንሱ እዋን ኣብ ሓደ ለይቲ ከንደይ ዋዒ ከጠራቕም ከም ዘለዎ ብቐጥታ ይፈልጦ። ኣብ መንበሪ ገዛኹም ንዝርከብ ኣቕሑት ንኽትመልኡ ብዘይ ጸገም ብናይ ሓባር ኣብ ናይ መንበሪ ገዛ ንቔጣ ብዝርከም መስተኻኸሊ ክትግብሩዎ ትኽእሉ።




ካብ መሰረታዊ ዓቐን ወጸኢ (a):
መስተኻኸሊ ኣብ መእከላይ ቦታ።
እንተደኣ ብብዝሒ ዋዒ ከትዕቅቡ ደሊኹም (b):
መስተኻኸሊ ኣብ ልዕሊ ባደ።
እንተደኣ ውሑድ ዋዒ ከትዕቅቡ ደሊኹም (c):
መተኻኸሊ ኣብ ትሕቲ ባደ።



እንተደኣ ኣብ ገለ ክፍልታት ዋዒ ከትቅንሱ ደሊኹም፣ ነቲ ናይ ኣኸሓ መስተኻኻሊ ክጥቀሙ ትኽእሉ። ኣብ ግዜ ሓጋይ እቲ መስተኻኸሊ ኣብ 0 ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ድማ ኣይምላእን። መንበሪ ገዛኹም ኣብ ናይ ክረምቲ መገሻኹም ኣዝዩ ንኸይ ዝሕል መታንን ዝተመጣጠነ ዋዒ ንኽህልዎን፣ ኣብ ቁጽሪ 2 ክትጠውይዎ ኣለኩም። (ዋዒ መስተኻኸሊ ኣብ 16 °C)



እቲ ዝሓሸ ቦታ
ዘበናዊ ዓቃቢ መውዓዪ ብዘተኣማምንን ብቐጠባዊ መንገዲ እናሰርሐ ነቲ ጥብቂ መምርሒ ናይ ማሕበር ኤሌክትሮ ቴክኒክ (VDE =Verband der Elektrotechnik) ዘማልእ እዩ።
መታን ነቲ ሓያል ጎድንኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ብዝበለጸ ክትጥቀሙሉ፣ እዚ ዝስዕብ ሕበሬታ ከተስተውዕሉሉ ኣለኩም፣
በጃኻትኩም መቐመጥ ኣቕሑ፣ ዝተዓራረይ ነገር፣ ኣቕሑት ገዛ ውዘተ እንተወሓደ 10 ሴ/መ ካብ ጸፍሒ ክርሕቕ ኣለዎ።
እቲ ናይ ንፋስ መውጽኢ ቀዳድ ወርትግ ናጻን ከም ዘሎን ብመጋረጃታት ከይሸፈንን ተጠንቀቑ።
ሓንሳብ ኣብ ዓመት ነቲ ናይ ንፋስ መውጽኢ መርበብ ብመስሓብ ደሮና እንተተሳሕበ ጽቡቕ እዩ።

## ሓበሬታ ንትኽክል ኣወዓዕያን ንፋስ ምእታውን

- ኣብ ጽድያ ይኹን ኣብ ኣብ ቀውዒ ክፍልታት ኣዝዮም ክዝሕሉ የብሎም።
- ከም መምርሒ፣ እንተደኣ ኣብ ክፍሊ ዛሕሊ ኣሎ በብእዋኑ ንፋስ ምእታው የድሊ።
- ኣብ ዘለኹምሉ ግዜ እውን ቀትሪ መውዓዪ ብሙሉኡ ኣይተጥፍእዎ። ዘይቀያየር መጠነኛ ዋዒ፣ ካብ ብቐጻሊ ዝሒሉ ዝነበረ ንፋስ ምውዓይ፣ ወጻኢታት ይቑጥብ።
- ነቲ ኣብ ውሽጢ ገዛ ብዝተፈላለየ ዓቐን ውዕዩ ዘሎ ክፍልታት ዘሪኽብ መዕጸታት ለይቲን ቀትርን ምዕጻው።.
- ጸዓት እናቐጠብካ ንፋስ ንምእታው ብዙሕ ግዜ ኣብ መዓልቲ መሳኹቲ ንሓጺር እዋን (5 ክሳብ 10 ደቓይቕ ኣብዛሕትኡ ግዘኪ እኹል እዩ) ምኽፋት (ተዘዋዋሪ ንፋስ ምፍጣር)። መሳኹቲ ኣጋዲምካ ምኽፋት መውዓዪ ጽዓት ምብኻን ጥራይ እዩ።

# ዲጂታል - ዓለም-ለኻዊ ቴሌቭዥን

## ቴሌቭዥን ብቛንቋኹም

### POLNISCH — 7,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| TV Polonia | TV Silesia (L) |
| Rai Tre (R) | TVN 24 |
| iTVN | |

### FRANZÖSISCH — 2,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| France 2 | France 3 |
| France 4 | France 5 |
| France 24 | |

### RUSSISCH — 14,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Channel One Russia | RTVD |
| RTR Planeta | Nasch Kinomir |
| NTV Mir | TeleBom/TeleDom |

### KROATISCH — 2,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| HRT TV (L) | Balkanika Music Television (L) |
| HRT HR1 Radio (L) (R) | CMC |
| DM Sat | |

### PINK SERBISCHES TV — 13,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Pink Plus | Pink Extra |
| BN TV | Pink Radio |
| Pink Film | Pink Folk |

### SERBISCH — 4,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| RTS Sat | TV Crne Gore Sat |
| BN TV | DM Sat |
| Balkanika Music Television (L) | |

### BOSNISCH — 7,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Hayat Plus (L) | Balkanika Music Television (L) |
| TV Crne Gore Sat (L) | BN TV |

### SPANISCH/PORTUGIESISCH — 4,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| 24 Horas (es) | TVE Internacional (es) |
| RTP Internacional (p) | Radio Exterior de Espagna (es) (R) |

### ITALIENISCH — 6,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Rai Uno (L) | Rai Due (L) |
| Rai Tre (L) | Rai News 24 |
| Rai Radio 1 (R) | Rai Storia |
| Mediaset Italia | |

### ALBANISCH — 9,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Klan Kosova | Balkanika Music Television (L) |
| Kohavision TV | Radio Project 21 (R) |
| Radio Dukagjini (R) | RTK 1 |
| RTV 21 | |

### TÜRKISCH — 7,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Kanal 7 Avrupa | EURO STAR |
| EURO D | Metropol FM (R) |
| NTV Avrupa (L) | TV8 Int |
| CNN TÜRK | SHOW TURK (R) |
| Power Türk | Slow Türk (R) |
| KRAL FM (R) | Radyo Türk (R) |

### JAPANISCH — 49,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| JSTV Japan Satellite Television (L) | JSTV Radio Japan (L) (R) |

### ARABISCH — 4,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Al Arabiya | MBC Maghreb al Arabia |

### GRIECHISCH — 9,99 € mtl.

| | |
|---|---|
| Mad TV (L) | Antenna TV (Ant 1) (L) |

(R) ራድዮ ጣብያታት

(L) ብናይ ሊቸንሳ ጉዳይ ምኽንያት ገሊኡ ዝተዓጽወ ክኸውን ይኽእል

✳ ን12 ወርሒ ዝኸይድ ኮንትራት። ናጻ ዲጂታል ቴሌቭዥን ምስ አትአዝዙ።
STINGRAY Music und Digital-TV BONUS



# እንታይ ኣበየናይ እንዳ ጓሓፍ ይጓሓፍ?

## ጓሓፍ ምፍላይ – ኣካባቢ ምሕላው

እዚ ናይ ሎሚ ጓሓፍና ናይ ጽባሕ ጥረ ኣቑሑና እዩም። መታን ጓሓፍ እንደገና ክንጥቀመሉ ክንክእል፣ ተፈላልዩ ክእከብ ኣለዎ። እዚ ብናትኩም ሓገዝ ጥራይ እዩ ክትግበር ዝኽእል። እቲ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎ እንዳ ጓሓፍን እቲ ናይ ሓባር ና ጓሓፍ መእከቢ ቦታታትን ትፈልጥዎ ኢኹም። ኣብ'ዚ መርኣዩ ብንጹር እንታይ ኣበይ ይድርበ ክትርእይዎ ትኽእሉ።




ኩሉ ብወረቐትን ካርቶንን ዝተሰርሐን
ጾስጣ፣ መጸሕፍቲ፣ ካርቶን፣ ካታሎግ፣ ወረቐት፣ ብወረቐት ዝተሰርሐ ዘንቢል፣ ፈኲስ ካርቶን፣ ፓኮ፣ ዝተዓጸጸፈ ፈኲስ ካርቶን፣ መጋዚናት፣ ጋዜጣ። ዝተበታተኸ ካርቶን፣ ናይ ወረቐት ካርቶን ወይ ድማ ፈኲስ ካርቶን ንኣብነት ናይ ሓርጭ ዘንቢል፣ ናይ ኦሞ ፓኮታት። ቲ

4
ኣብ ወርሒ
ሓደ ግዜ ይውሰድ

---




ብናዊ እንዳ ጓሓፍ

- ኩሉ ናይ ክሽንነን ጀርዲንን
- ናይ ክሽነ ጓሓፍ፣ ንኣብነት ኣሕምልቲ፣ ቅራፍ ፍሩታ፣ ቅራፍ እንቋሖ፣ ተረፍ ቡን፣ ናይ ቡን ፊልተር፣ ናይ ሻሂ ከረጺት
- ናይ ኣታኽልቲ ጓሓፍ፣ ዝሞተ ኣትክልቲ፣ ዝኣረገ ሓመድ፣ ዝሞተ ናይ ገዛ ዕንባባ፣ ናይ ጀርዲን ጓሓፍ፣ ንኣብነት ቁራጽ ገረብ። ቁራጽ ሓረግ፣ ዝተቖርጸ ሰዕሪ፣ (ዝነቐጸ)፣ ጥሉል ቁጽሊ፣ ናይ በረኻ ተኽሊ ቐመም

2
ኣብ ወርሒ ክልተ
ግዜ ዝውሰድ

---




ኩሉ ካብ ብፕላስቲክ ዝተሰርሐን ሓጻውንትን

- ሓጺን፣ ንኣብነት ታኒካ፣ ናይ መስተ ታኒካ፣ ፕላስቲክ መቐመጢ፣ ኣሉሚንዩም መትሓዚ፣ ኣሉሚንዩም መኸደኒ፣ ኣሉሚንዩም መጠቕለሊ
- መምልኢ ኣቑሓ፣  ናይ መስተን ጸባን ካርቶን
- ፕላስቲ፣ ንኣብነት ፕላስቲካዊ ወረቐት፣ ፌስታል፣ ናይ ኣቑሑት መሕጸቢ ዝተመልኣሉ፣ ናይ ከዳውንቲ መሕጸቢ ዝተምልኣሉ፣ ናይ ሰውነት መጸበቒ ዝተመልኣሉ፣ ብርጭቆታት ፍርያታት ጸባ፣ ማርገሪን ወዘተ፣ ብዓፍራ ዝተሰርሐ፣ ስቲሮፓር

2
ኣብ ክልተ
ሰሙን ይወሰድ

---





ኩሉ ትሪፍ ገዛ
ተረፍ ዝበሰለ ምግቢ፣ ኣዕጽምትን ስጋን፣ ናይ መተሓጻጸቢ ነገራት ጓሓፍ፣ ንኣብነት ናይ ወረቐት መንዲል ወረቐት፣ ፓምፐርስ፣ ፕላስተር፣ ናይ ሰሓቢት ደሮና ከረጺት፣ ኩስታር፣ ሓሙኽስቲ፣ ናይ ድሙ ሓሰር ወዘተ፣ ረሳሕ ዝተጠቐምናሉ ነገር፣ ጥፋእ ሽጋራ
ኣብ ሰሰሙን ይውሰድ

1
ኣብ ሰሰሙን
ይውሰድ

---

**ኣጸጋሚ ጓሓፍን ናይ ኤሌትሪክ ድርባይ**
**ኩሉ ዓበይቲ ወይ ድማ ናይ ኤሌትሪክ ኣኽሑት**

- ኣቑሑ ገዛ፣ ብሽክለታታት፣ ናይ ጃርዲን ኣቍሑ፣ ጣዋሉ፣ ኣርማድዮታት፣ ፍርናሽ፣ ኮሞዲኖታት፣ ምንጸፍ
- ኤሌክትሮኒክ፣ ሓጸቢት ክዳውንቲ፣ ፍሪጅን ፍሪዘርን፣ ቴሌቭዥን፣ ፎርኖን መሽሽንን፣ ሓጸቢት ኣቑሑት፣ መንቀጺት፣ ኮምፕዩተር።



ብናጻ ይውሰድ
ቆጸራ ብቴሌፎን 0201 854-1111 ወይ ድማ ባኢሜይል sperrmuell@ebe-essen.de

---

**ነኣሽቱ ናይ ኤሌትሪክ ኣኽሑት**
ፈሮ፣ መፍልሕ ማይ፣ ናይ ኤሌትሪክ መላጸዪ፣ መጥበስ ባንን ቡን መፍሊሕትን ንናብ ዳግመ መስርሕ ቦታ (Recycling place) ክውሰድ ኣለዎ።




ብናጻ እዩ።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ደውሉ 0201 854-2723

---

**በካሊ ኣኽሑት መውሰዲ**
**ኩሉ መርዛዊን ተባላዕን ዘበለ፣**

- ባትሪ (ናይ ማኪናን ንኣሽቱን)፣ ፈሳሲ ፍሬኖ፣ ናይ መዝሓሊ ፈሳሲ፣ ከሚካል ነገራት፣ ጸዓት ቀጣቢ ላምፓዲናታት፣ ዝውላዕ ቱቦታት፣ ሕብሪ፣ መቐለቲ፣ ኣቹዶ፣ መበጽበጺ፣ ናይ ገዛ መጽረዪ፣ መርዚ ኣትክልቲ፣ ታኒካ ስፕረይን ተረፍን



Kostenlose Abgabe am Recyclinghof oder am Schadstoffmobil.
Mehr Informationen unter 0201 854-2721

---

**ናይ ብላይ ክዳን ኮንተይነር**
ኩሉ፣ ሰብ ዘይከደኖ፣ ኣብ ፕላስቲክ ተኣሲሩ፣ ሳእንታት (ብቢ ጽምዲ ተኣሲሩ)
እቶም ኮንተይነራት ኣብ ገገሊኡ ቦታታት ናይ ከታማ ኣብ ጽርግያታትኣለዉ።




ኣብ'ዚ ኣመሓደርቲ ገዛኹም ትረኽብዎም። ትኽክልን ዝርዝርን ሓበሬታ

---

**ናይ ኣረጊት ጥርሙዝ ኮንተይነር**
ኩሉ ብጥርምዝ ዝተሰርሐ ጠራሙዝን መምልኢ ጠራሙዝን፣ መስተዪ ጠራሙዝ፣ ብሕብሪ ተፈላልዩ፣

- ብናዊ ጥርሙዝ፣ ጻዕዳ ጥርሙዝ፣ ቀጠልያ ጥርሙዝ
- ኮንተይነራት ኣብ ገገሊኡ ቦታታት ናይ ከታማ ኣብ ጽርግያታትኣለዉ።



ኣብ'ዚ ኣመሓደርቲ ገዛኹም ትረኽብዎም። ትኽክልን ዝርዝርን ሓበሬታ

---





# ኣብ‘ዚ ኣመሓደርቲ ገዛኹም ትረኽብዎም። ትኽክልን ዝርዝርን ሓበሬታ




| | ኣማሓዳሪ ገዛ | ቴሌፎን | ኢሜይል | ሰዓታት ስራሕ | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 Essen Nord | 1 | 0800 7234009-01 | Hausmeister1@ise-essen.de | ሰኑይ፡ 17 – 18 | 1 |
| | 2 | 0800 7234009-02 | Hausmeister2@ise-essen.de | ሰሉስ፡ 16 – 17 | 1 |
| | 3 | 0800 7234009-03 | Hausmeister3@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 1 |
| | 4 | 0800 7234009-04 | Hausmeister4@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | 1 |
| | 5 | 0800 7234009-05 | Hausmeister5@ise-essen.de | ሓሙስ፡ 16 – 19 | ① |
| | | | | ሰኑይ፡ 17 – 18 | ② |
| 2 Essen Ost | 11 | 0800 7234009-11 | Hausmeister11@ise-essen.de | ሰሊስ፡ 16 – 17 | 4 |
| | 12 | 0800 7234009-12 | Hausmeister12@ise-essen.de | ሰኑይ.፡ 17 – 18 | 4 |
| | 13 | 0800 7234009-13 | Hausmeister13@ise-essen.de | ሰሉስ፡ 15 –16 | ③ |
| | 14 | 0800 7234009-14 | Hausmeister14@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | 4 |
| | 15 | 0800 7234009-15 | Hausmeister15@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 4 |
| | 16 | 0800 7234009-16 | Hausmeister16@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 3 |
| | 21 | 0800 7234009-21 | Hausmeister21@ise-essen.de | ሰኑይ፡ 17 – 18 | 5 |
| | 22 | 0800 7234009-22 | Hausmeister22@ise-essen.de | ሰሉስ፡ 16 – 17 | 5 |
| | 23 | 0800 7234009-23 | Hausmeister23@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 5 |
| | 24 | 0800 7234009-24 | Hausmeister24@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | 5 |
| 3 Essen Süd | 26 | 0800 7234009-26 | Hausmeister26@ise-essen.de | ሰኑይ፡ 17 – 18 | 6 |
| | 27 | 0800 7234009-27 | Hausmeister27@ise-essen.de | ሰሉስ፡ 16 – 17 | 6 |
| | 28 | 0800 7234009-28 | Hausmeister28@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 6 |
| | 29 | 0800 7234009-29 | Hausmeister29@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 6 |
| 4 Essen West | 6 | 0800 7234009-06 | Hausmeister6@ise-essen.de | ሰሉስ፡ 16 – 17 | ② |
| | 7 | 0800 7234009-07 | Hausmeister7@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | ② |
| | 8 | 0800 7234009-08 | Hausmeister8@ise-essen.de | ሰኑይ፡ 17 – 18 | 2 |
| | 9 | 0800 7234009-09 | Hausmeister9@ise-essen.de | ረቡዕ፡ 16 – 17 | 2 |
| | 10 | 0800 7234009-10 | Hausmeister10@ise-essen.de | ሰሉስ.፡ 16 –17 | 3 |
| | 17 | 0800 7234009-17 | Hausmeister17@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | 6 |
| | 18 | 0800 7234009-18 | Hausmeister18@ise-essen.de | ሰኑይ፡ 17 – 18 | 3 |
| | 19 | 0800 7234009-19 | Hausmeister19@ise-essen.de | ዓርቢ፡ 8 – 9 | 3 |
| | 20 | 0800 7234009-20 | Hausmeister20@ise-essen.de | ሓሙስ፡ 16 – 17 | ④ |

## AllbauPunkte

1. Altenessen: Altenessener Straße 377
2. Bedingrade: Ackerstraße 19/21
3. Altendorf: Hüttmannstr. 11
4. Huttrop: Steeler Str. 328
5. Leithe: Isingplatz 4
6. Holsterhausen: Keplerstraße 81

## AllbauTreffpunkte

① Stoppenberg: Hangetal 87
② Stoppenberg: Nothofsbusch 9
③ Südostviertel: Storpstraße 9
④ Bochold: Mitzmannweg 6


AllbauKundencenter
Kastanienallee 25
45127 Essen

T. 0201 2207-0
F. 0201 2207-269
info@allbau.de
www.allbau.de


Stand: Juli 2017